# ምስጋና ንዕዉት ስራሕ።

ዝኸበርኩም ኣሕዋት( ብጾት) ተቐመጥቲ ሎንዶን ዓባይ ብሪጣኒኣ። ድሕሪ ዕዙዝ ሰላምታ ኣብ ሂወትኩም ጥዕና፣ ኣብ ናብራኹም ሓጎስ፣ ኣብ መደባትኩም ዓወት እምነየልኩም። ሃገር ጀጋኑ ወሊዳ ትምከን ዘበለ ሓያል መኸተኹም ምእንቲ መስዋእትነት ሰማእታትና ዘሰከሙና ሕድሪ ዓላማኡ ክወቅዕ ዝወሰድኩሞ ሰላማዊ ሰልፊ ምስጋና ይብጻሕኩም።

እቲ ን58 መዓልታት ኣብ ቅድሚ ቤት ጽሕፈት ዴቪድ ካመሮን ዘካየድኩሞ ሰልፊ ንመንግስቲ እንግሊዝ ጥራሕ ዘይኮነ ንመላእ መንግስታት ዓለም ብፍላይ ከኣ ነተን ኣብ ልዕሊ ምድሪ ምህላውና ዘይደልያ ሃገራት ኣተሓሳስብኤን ኣብ ምቕያር ከም ዘድህባ ጌሩወን ኣሎ። ነቶም ዝጠፈሹ ከኣ ዕርቃኖም ቀሊዑ ናይ ስዕረት ዎንጮ ኣልቢሱዎም ይርኤ።

እቲ ቀንዲ ዘሔጉስ ድማ ጽንዓትን፣ ዓቕሊን፣ ንሰውራ ኤርትራ ዘዔወታ መስርሕ ኣብ ቦታኤን ምህላወን'ዩ። ሳላ ዓቕሊ ጌርኩም ዝጸናዕኩም መልእኽትኹም ናይ ዓወት መቓልሕ ኣስሚዑ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።

ዓወት ንሓፋሽ።

ገብረንጉስ መስመር።